# ድቂ ሒዘ ኣለኹ!

ድቂ ሒዘ ኣለኹ *ጻግነይ ኣቋሪጹ
ኣብ ባሕሪ ማህጸነይ ዕሸል ተሃኒጹ
ኣውያት ስቓያተይ ብጽሞና ኣድሚጹ
ኪድብሰኒ'ዩ ንብዓተይ ኣንቂጹ!

ኣብ ማህጸነይ ዘሎ ናይ ሓርነት *ናጽላ
ይንቀሳቐስ ኣሎ ይምርሽ ብዝላ
መን'ዩ ዝበለኒ ነጺፉ'ያ ኣእኺላ
ነዛ ሃገር ስውእ ርስሓት ዚጸርገላ
ጥንሲ ሒዘ ኣለኹ ጋላቢ *ጅንጉላ
ንብዓትክን ደሪዝክን ኣደታት ዓልላ!

ጥንሰይ ምስ ሰምዐ *ሄሮዶስ ሰንቢዱ
ሴፍን ዋልታን ሂቡ ኣጽዋሩ ኣዋዲዱ
ከብዲ ናይ ጥኑሳት ብኻራ ኪቐዱ
ህጻን ከይተወልደ ኪቖርጹ ክሳዱ
ኪልእኽ ጀሚሩ ብዓል ዘመድ ከብዱ!

ንብቕሊ ሓርነት ኣብ ማህጸነይ ዘሎ
ገና ከይተወልደ ሄሮዶስ ኪቐትሎ
ምስሉ እናኣጸለሙ ዚለኽዩ ጸለሎ
ብኹሉ ሸነኻት ሰባት ዓሲቡ ኣሎ!

ሄሮዶስ እዚ ጨካን ምእንቲ ስልጣኑ
ጀጋኑ ከይወልዳ ኣደታት ኣምኪኑ
ሃገር ናይ ሰማእታት ጌሩዋ ናይ በይኑ
ተኹላ ቈርበት በጊዕ *ማቕ ተኸዲኑ
ኪኣስር ኪቐትል ርብዒ ዘመን ኮይኑ!

ትማሊ ኣብ ናይሮቢ ሎሚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ
ነፍሰጾር ሓርነት ናብ ቤቱ ቀሪባ
ሄሮዶስ ብዓይኑ ስለ እተዓዘባ
ግድን'ዩ ክትሸበር ልቡ ዓቕሊ ኣጽቢባ!

ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ሓርነት ዚደሊ
ነፍሰጾር ሓብሒቡ ብግቡእ ኪኣሊ
ዞርያ እናኣስፈየ ዚቐይር *ንኽሊ
ክሳዕ እትሓርስ ኪጽበ ብዓቕሊ
ንጽባሕ ኪሓስብ ረሲው ንትማሊ
ፍቕርን ሰላምን'ያ እታ ሕጂ ተድሊ!

**ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!**
ካብ ሓውኹም መሲናስ 23/01/2016

**<u>*ትርጉም ዘይዝውቱራት ቃላት፥</u>**

*ጻግነ= ናይ ጽግያት ደም
*ናጽላ= ሓድሽ እተወልደ ህጻን
*ጅንጒላ= ጋላቢ ፈረስ
*ሄሮዶስ= ንጉስ እስራኤል ነበር
*ማቕ= ካብ ጸጒሪ በጊዕ ዝተስርሐ ክዳን
*ንኽሊ= ጸሊም ክዳን ሓዘን




[ኣብዚ ጠውቑ]

Copyright © 2013 - 2016 www.snitna.com